# ክፉት ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ሎንዶን ብዓወት ተዛዚሙ

## ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ/ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ብጨንፈራት ክልተ ውድባት፡ ተሓኤ - ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን እተዳለወ ህዝባዊ ኣኼባ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ከተማ ሎንዶን ኣብዚ ቀረባ እዋናት ተራእዩ ዘይፈልጥ ብዝሒ ተሳተፍቲ ዝተኻፈልዎ ብዕለት 24 ሰነ 2007 ካብ ሰዓት 3.00 ክሳብ 7.30 ድ.ቀ ኣብ ዝነበረ ግዜ ተኻይዱ። እዚ ካብ ርሑቕን ቀረባን ቦታታት ዓዲ እንግሊዝ ብምምጻእ ብዙሓት መንእሰያትን ደቀ-ኣንስትዮን ዝተረኽብዎ ኣኼባ"ዚ መርኣያን ብቑዕ መረዳእታን ናይቲ መንእሰያት ኣብ ጉዳይ ቃልሲ ሃገሮም በቢእዋኑ ዝዓቢ ዘሎ ተገዳስነቶምን ኣበርክቶኦምን ኢዩ። እዚ ኣኼባ'ዚ ኣቦ መንበር ተሓኤ - ሰውራዊ ባይቶ ዝርከቦም ኣርባዕተ ኣባላት መሪሕነት ካብ ክልቲኡ ውድባት ዝመርሕዎን ኣብ ቃልሲ ነዊሕ ተመክሮ ብዘለዎም ተቓለስትን፡ ኣገደስቲ ምሁራትን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ተንቀሳቐስትን ዝተረኽብሉ ሃብታም ኣኼባ ኢዩ ኔሩ።



ብጻይ ኅይቶኦም መብራህቱ ንኣኼብኛታት እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ሒዝናዮ ዘሎና ሰሙን ስዉኣት ዝዝከርሉ ሰሙን ስለዝኾነ፡ ንህዝባዊ ኣኼባ ብዝኽሪ ስውእት ኢዩ ከፊትዎ። ካብዚ ቀጺሉ ቀንዲ ኣቕረብቲ ናይቲ ኣኼባ ብጾት ወልደሱስ ዓማር ኣቦ መንበር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ቴድሮስ ፍስሃየ ኣባል መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራስን ብቐደም ተኸተል መግለጺኦም ኣቕሪቦም።

ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ሃገርና ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት እትሓልፎ ዘላ ሕማቕ ህይወት ብዝርዝር፡ ብኣሃዝ እናኣሰነየ ገሊጹ። እዚ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት ህዝቢ ካብ ክፉእ ናብ ዝኸፍአ ዘምርሕ ዘሎ ናይ ዕንወት ጉዕዞ'ዚ እንተ ዘይተዓጺፉ ናብ መግለጺኡ ዘጸግም፡ ኣዚዩ ዝኸፍአ ኩነታት ክብጻሕ ከምዝኽእል ኣብሪሁ።

መንእሰያት፡ ኣብ ምህናጽ ሃገር ዘለዎም ልዑል ተራን ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝረኽብዎ ዘለዉ በደልን ስቓይን ብጻይ ወልደሱስ ብኣትክሮ ገሊጹ። ነዚ ንተራኦም

ዘንጊዑ ዝኾነ ትስፉው መጻኢ ዘይብሎም ኣደዳ ስእነት ትምህርትን፡ ስእነት መጻእን፡ ኣደዳ ሞትን ስደትን ዝገብሮም ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣልጊሶም ናይ መንእሰይ ወለዶን ነቲ ንዕኦም ዝቕበል፡ ድሕሪኦም ዘሎ ተካኢ ወለዶን መጻኢ ዕድል ከመዓራርዩ ከምዝግብኦም ገሊጹ። ነዚ ዘሎ ተቓውምቲ ውድባት ክልውጥዎን ክወርስዎን ዝግብኦም ከምዝኾነ ውን ገሊጹ።

ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ነቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሕድገት ዘይፈልጥ ኣረመን ኢዩ ኢልና ክንከስስ ምኽንያት እኳ እንተሎ፡ ንነብስና ናጻ ክንገብር ግን ኣይንኽእልን ኢና ኢሉ። ተቓወምቲ ውድባት'ውን ናይ ባዕልና ድኽመት ኣለና። ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕና ባህሊ ናይ ምጽውዋርን ሕድገታት ምዝውታርን ከነማዕብል ኣይከእልናን። መልክዕን ትሕዝቶን ኣገባብ ኣሰራርሓና እንተዘይቀይርና ዕላማና ከነዐውት ኣይንኽእልን ኢና ኢሉ።



(ኤልሳ ጭሩም ብጉዳይ ሕድገታትን ዕርቅን ስኒትን ኣገዳሲ ሕቶ እናሓተት።)

ካብዚ ቀጺሉ ብጻይ ቴድሮስ ፍስሃየ፡ ዕላማ ናይቲ ኣኼባ እንታይ ከምዝኾነ ዘርዚሩ። ምግምጋም ህልው ኩነታትን፡ ነዚ ኩነታት ንምቕያር እንታይ ንግበር ንዝብሉ ምርኣይ ቀንዲ ስራሕ ናይቲ ኣኺባ ክኸውን ከምዘለዎ ኣብሪሁ። ኣብ ምግምጋም እቲ ስርዓት ፍልልይ ከምዘየለ፡ ህዝብና ኣብ ትሕቲ ህሉው ስርዓት ፍትሒ ቅሳነት ስኢኑ፡ ንድኽነትን ማእሰርትን ስደትን ሞትን ተሳጢሑ ምህላዉ ዝኽሕድ ዜጋ ከምዘየለ ኣብሪሁ። ነዚ ኩነታት እዚ ንምቕያር ከኣ ብዘይካ ቃልሲ ካልእ መተካእታ ከምዘየለ ገሊጹ። ኣብ መዳይ ስርዓት ምቕያርን ዲሞክራሲያዊ ህይወት ምህናጽን፡ መንእሰይ ወለዶ ኣዝዩ ዓቢ ግደ ክጻወቱ ከም ዝግባእ ኣትሪሩ ኣስሚሩሉ።

ካብ ክልተ መራሕቲ ውድባት መግለጺ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣኼበኛ ሕቶታቱን ርእይቶታቱን መተሓሳሰቢታቱን ኣቕሪቡ። ብመንጽር እቲ ዝነበረ ግዜ ዝቐረበ ሕቶታት ግቡእ መልስታት ረኺቡ። ነቲ ሕቶታት ኣብ ምምላሽ፡ ብጾት ኣሰፋው በርሀን መሓመድ ብርሃን ዓብደልቓድርን ዳዊት ተወልደብርሃንን እውን ተኻፊሎም። (ብተወሳኺ፡ ብጻይ መሓመድ ብርሃን ነቲ ገለጻታትን ሕቶታትን ብዓረብኛን ብትግርኛን ብንጹር ኣገባብ ኣብ ምትርጓም ተሓባቢሩ።)

ኣብ ምድምዳም ኣኼባ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር እቲ ኣብ ኣኼባ ዝቐረበ ገምጋማትን ርእይቶታትን ነቲ ዝድለ ናይ ለውጢ ቃልሲ ብርግጽ ዘደንፍዕ ምዃኑ ገሊጹ። ከምኡውን ኣብ ከተማ ለንደንን ከባቢኣን ዝርከብ ብዝሕን ዓቕምን ኤርትራውያን ኣዝዩ ዓቢ ብምዃኑ ኣቓልቦ ክግበረሉ ዝግባእ ኢዩ ድሕሪ ምባል።

እዚ ንመጀመሪያ ግዜኡ ብጨንፈራት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ተወዲቡ ኣብ ከተማ ሎንዶን ዝግበር ዘሎ ኣኺባዚ ሓቢርካ ናብ ህዝቢ ምቕራብ ክሳብ ክንደይ ኣድማዒ ከምዝኾነ ብጉልሒ ዘመስከረ ስራሕ ኢዩ።

ሽማግለ ጨንፈራት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ተሓኤ - ሰውራዊ ባይቶን።